# ራብዓይ መጽሓፍ - ውሳነ፡ ክሳራን ምቕራጽ ክስን

## ቀዳማይ ኣርእስቲ - ውሳነ

### ምዕራፍ 1. - ሓፈሻዊ ድንጋገታት




**ዓንቀጽ 263. - ውሳነ ዚወሃበሉ ግዜ**

(1) ምስማዕ መርትዖ ምስ ተወደአ፡ ብተኸራኸርቲ ወገናት መግለጽን መልስን፡ እንተ ነይሩ፡ ምስ ተዋህበ፡ ቤት ፍርዲ ይውስን።

(2) ምስማዕ መርትዖ ምስ ተወድአ፡ ቤት ፍርዲ ብኡብኡ፡ ወይ ብድሕሪኡ ብዚከኣል ኣብ ዝቀልጠፈ ባዕሉ ዝውሰኖ መዓልቲ ቜጸራ ውሳነኡ ንሰብ ጕዳይ የስምዕ። እቲ ውሳነ ብኡብኡ ምስ ዘይወሃብ፡ ቤት ፍርዲ፡ ውሳነ ዚወሃበሉ ዕለት ንኸሳስን ንተኸሳስን ይሕብር።

(3) ቤት ፍርዲ፡ ብሓታትነት ናይ ክልቲኣቶም ወገናት ውሳነ ዚህበሉ ዕለት የመሓልፎ።

**ዓንቀጽ 264. - ምስማዕ ውሳነ ኣብ ክፉት መጋባእያ**

ቤት ፍርዲ ኣብ ክፉት መጋባእያ ውሳነኡ የስምዕ።

**ዓንቀጽ 265. - ቅጥዕን ኣወሃህባን ውሳነ**

(1) ውሳነ ብጽሑፍ ዚወሃብ ኰይኑ፡ ብኣባል ወይ ኣባላት ቤት ፍርዲ ተፈሪሙ፡ ብዳኛ ወይ ብማእከላይ ዳኛ ድማ ይንበብ።

(2) ሓደ ዳኛ፡ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት፡ ንኣብነት ብሞት፡ ብሕማም፡ ብቕያር ወይ ጡሮታ ብምውጻእ ኣብቲ ውሳነ ኪፍረም ምስ ዘይክእል፡ እቲ ውሳነ ብዝኾነ ዳኛ ናይቲ ውሳነ ዝሃበ ቤት ፍርዲ፡ ወይ እቲ ቤት ፍርዲ ዘየለ ምስ ዚኸውን፡ ብዝኾነ ዳኛ ናይ ልዕሊኡ ዘሎ ቤት ፍርዲ ይፍረም።

(3) ውሳነ፡ እንተደኣ ተፈሪሙ፡ ካብቲ ዚፈረሞ ዳኛ ወይ ዚፈረምዎ ዳያኑ ወጻኢ ብዝኾነ ዳኛ ኪንበብ ይኽእል።

**ዓንቀጽ 266. - ትሕዝቶ ውሳነ**

(1) ውሳነ ነዞም ዚስዕቡ የጠቓልል፤

(ሀ) ኣሽማትን፡ ኣድራሻን ተኸራኸርቲ ወገናትን ኣሽማት ወከልቶም ወይ ወዳእቲ ነገሮም፡

(ለ) ቍጽሪ መዝገብ ናይቲ ጉዳይ፡

(ሐ) ጽማቝ ናይቲ ኣብ ጽሑፋት ክርክር ተኸራኸርቲ ወገናት ዝቐረበ ክርክር፡

(መ) ኪውሰኑ ዘሎዎም ጭብጥታት፡ ውሳነ ቤት ፍርድን ናይቲ ውሳነ ምኽንያታት፡ እንተላይ እቲ ቤት ፍርዲ ንውሳነኡ ምርኩስ ዚገበሮ ክውንቶታት፡

(ረ) ብመልክዕ ዳንነት ንተኸራኸርቲ ወገናት ዝተወሰነ መሰል ወይ ግዴታ፡ ኣብቲ ኽርክር ዝተገብረ ክሳራን፡ እቲ ኽሳራ መን ከም ዝኸፍሎ ወይ ካበየናይ ንብረት ኪኸፍል ከም ዘሎዎን፡

(ሰ) እቲ ውሳነ ቤት ፍርዲ ብውልቃዊ ምእዙዝነት ናይ ብውሳነ ብዓል ዕዳ ኪፍጸም ዚከኣል ምስ ዚኸውን፡ እቲ ዝፍጸመሉ ግዜ፡

(ሸ) ኣፈጻጽማ ናይቲ ውሳነ ንምርግጋጽ ሓገዝቲ ዝኾኑ ዝርዝራት። ይግባይ ሰማዒ ቤት ፍርዲ ዝውስኖ ውሳነ ንኺፍጸም ባዕሉ ኣድላዩ መምርሒ ኪህብ ይኽእል ወይ እቲ መጀመርታ ነቲ ጉዳይ ዚሰምዐ ቤት ፍርዲ ንኪፍጽሞ ናብኡ ኪልእኮ ይኽእል፡ ከምኡውን

(ቀ) ውሳነ ዝተዋህበሉ ዕለት።

(2) ተኸራኸርቲ ወገናት ናይቲ ውሳነ መሰረት ኪርድኡዎ ምእንቲ ኪኽእሉ ወይ ከኣ እቲ ውሳነ ንይግባይ ክፉት ምስ ዚኸውን ንምኽላሱ ምእንቲ ኪኽኣል ናይቲ ውሳነ ምኽንያታት ብእኹል ደረጃ ይግለጽ።

(3) ቀዳማይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ብተኸራኸቲ ወገናት ብግልጺ ኣብ ዘይተላዕለ ዝኾነ ነገር ውሳነ ኺህብ ኣይክእልን፡ ይግባይ ሰማዒ ቤት ፍርዲ ግን፡ ኣብቲ ጉዳይ ክሓልፍ ወይ ኪወሃብ ዝነበሮ ዝኾነ ውሳነ ኽሕለፍ ወይ ዝኾነ ተወሳኺ ትእዛዝ ኪህብ ይኽእል፡ ከምኡውን እቲ ጉዳይ ኪጠልቦ ዝኽእል ዝኾነ ተወሳኺ ወይ ካልእ ፍርዲ ወይ ትእዛዝ ኪህብ ይኽእል።

(4) እቲ ውሳነ ከከም ኵነታቱ ሓደ ነገር ክትገብር ወይ ከይትግበር ወይ ገለ ውሱን መጠን ገንዘብ ኪኸፈል ወይ ሓደ ፍሉይ ኣቕሓ ኪሰጋገር ወይ ኪርከብ ወይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኪምለስ፡ ንጹር ትእዛዝ ይህብ።

ዓንቀጽ 267. - ኪውሰን ዘለዎ ጭብጥታትን ሕጋዊ ባይታን

(1) ኣብ ልዕሊ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ጭብጥታት ዚወሃብ ውሳነ ነቲ ጉዳይ ንምውሳን እኹል ኣብ ዝኾነሉ ኵነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ቤት ፍርዲ ንነፍስ-ወከፍ ጭብጢ ውሳነ ይህበሉ።

(2) ሕጊ ዝተፈልየ ኣብ ዝደንገገሉ ኵነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ቤት ፍርዲ ብተኸራኸርቲ ወገናት ብግልጺ ዘይተላዕሉ ክውንቶታት ወይ ጭብጥታት ንውሳነኡ ምኽንያት ኣይገብርን።

(3) ቤት ፍርዲ ሕጋዊ ባይታ ናይ ውሳነኡ የስፍር።

ዓንቀጽ 268. - ቅዳሕ ውሳነ

(1) ተኸራኸርቲ ወገናት ናብ ቤት መዝገብ ናይቲ ውሳነ ዝሃበ ቤት ፍርዲ ብምምልካት፡ ዝተረጋገጸ ቅዳሕ ውሳነ ይረኽቡ፡ እቲ ዝተረጋገጸ ቅዳሕ ዝተዋህበሉ ዕለት ድማ ኣብቲ ቅዳሕ ይምልከት።

(2) ዝተረጋገጸ ቅዳሕ ብይግባይ ሰማዒ ቤት ፍርዲ ዝተዋህበ ውሳነ ናብቲ ይግባይ ዝተባህለሉ ውሳነ ዝሃበ ቤት ፍርዲ ይልኣኽ እሞ ኣብቲ መበቈላዊ መዝገብ ናይቲ ጒዳይ ይቕመጥ። እቲ ውሳነ ናይ ይግባይ ሰማዒ ቤት ፍርዲ ድማ ኣብ ደብተር ሲቪላዊ ኽስታት ይሰፍር።

*ምዕራፍ 2. - ካብ ስርዓት ወጻኢ ዝኾነ ነገራትን ጌጋታትን*

ዓንቀጽ 269. - መትከል

ብሕጊ ብግልጺ ዝተፈልየ ኣብ ዝተደንገገሉ ወይ ብቤት ፍርዲ ኣብ ዝተኣዘዘሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ዝኾነ ድንጋገ ናይዚ ሕጊ ወይ ንዕኡ መሰረት ገይሩ ንዝወጸ ሕጋጋት ካብ ዘይምኽባር ካብ ስርዓት ወጻኢ ዝኾነ ኵነታት ምስ ዚልዓል፡ ቤት ፍርዲ ብተበግሶኡ ወይ ብኣመልካትነት ናይ ዝኾነ ካብ ተኸራኸርቲ ወገናት፡ ነቲ መስርሕ ዳንነት ብምሉኡ ወይ ብኽፊል ከም ዘይስርዓታዊ መጠን ኪስርዞ ወይ ከመሓይሾ፡ ወይ ብመንጽር ቅኑዕ መሲሉ ዝተራእዮ ግዴታ፡ ግቡእ ዝኾነ ኻልእ ትእዛዝ ኪህብ ይኽእል፡ ኵሉ ኣድላዪ ምምሕያሻት ድማ በቲ ዳንነት ዝተላዕሉ ወይ ኣብቲ ዳንነት ዝምርኰስ ጭብጥታትት ንምውሳን ዝዓለመ ይኸውን።

ዓንቀጽ 270. - ናይ ጌጋ እርማት

ቤት ፍርዲ፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ፡ ብተበግሶኡ ወይ ብኣመልካትነት ናይ ዝኾነ ካብ ተኸራኸርቲ ወገናት ኣብ ዝኾነ መጸዋዕታ፡ ውሳነ፡ ወይ ትእዛዝ ዚርከብ ናይ ጽሕፈት ወይ ሕሳብ ጌጋታት፡ ወይ ኣብኣቶም ዘጋጥም ዝኾነ ብዘይ ምስትውዓል ዚግበር ጒድለት ኪእርም ይኽእል፡ ከምዚ ዚመስሉ ጌጋታት ወይ ጒድለታት ድማ ከም ዘይስርዓታውነት ኣይቍጸርን።

ዓንቀጽ 271. - ዘይስርዓታዊ መስርሕ ዳንነት ንምስራዝ ዚቐርብ ምልክታ

(1) ዝኾነ ተኸራኻሪ ወገን እቲ መስርሕ ዳንነት ብምሉእ ወይ ገለ ክፋሉ ዘይስርዓታዊ ተባሂሉ ኺስረዘሉ ናብ ቤት ፍርዲ ከመልክት ይኽእል።

(2) እቲ ምልክታ ኣብ ሓያሎ ባይታታት ዝተመርኰሰ ምስ ዚኸውን፡ ኵሎም ብሓንሳብ ይግለጹ።

(3) እቲ ምልክታ፡ ፈለማዊ ተቓውሞ ኣብ ዝቐርበሉ ግዜ ወይ ብድሕሪኡ፡ ኣመልካቲ ብዛዕባ እቲ ዘይስርዓታውነት ኣብ ዝፈለጠሉ፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ይቐርብ።

ዓንቀጽ 272. - ኣብ ልዕሊ ምልክታ ዚወሃብ ውሳነ

(1) ቤት ፍርዲ፤

(ሀ) ነቲ ኪውሰን ዘሎዎ ጭብጢ ብኣሉታ ዚትንክፍን፡ ንረብሓ ኣመልካቲ ዚሃሲ ወይ ኪሃሲ ዚኽእል ዘይስርዓታውንነት ከም ዘጋጠመ፡

(ለ) ኣመልካቲ ብዛዕባ እቲ ዘይስርዓታውነት ብዝፈለጠ ኣብቲ ዳንነት ዝኾነ ሓድሽ ስጕምቲ ዘይወሰደ ምዃኑ ወይ ከኣ ዝወሰዶ ስጕምቲ ኣብ ትሕቲ ተቓውሞ ምዃኑ ኣብ ዘረጋገጸሉ ኹነታት፡ እቲ ዘይስርዓታውነት ብኻልእ

መገዲ ኪእረም ኣብ ዘይከኣለሉ ኹነታት እንተ ዘይኲይኑ፡ እቲ ዳንነት ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ዘይተርፍ ክሳዕ ዝኾነ፡ ከምኡውን እቲ ዳንነት ብኸፊል ትሩፍ ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት፡ እቲ ዘይስርዓታውነት ቅድሚ ም'ግጣሙ ዝተወሰደ ስጉምትታት ክሳዕ ዘይተተንከፈ፡ ነቲ ምልክታ ዝተቐበለሉ ምኽንያት ብምዝርዛር፡ ቅኑዕ መሲሉ ዝተራእዮ ትእዛዝ ይህብ።

(2) ቤት ፍርዲ፡ እቲ ኣብዚ ዓንቀጽ ዝተቐመጠ ኵነታት ከም ዘይተማልአ ኣብ ዝተገንዘበሉ ኹነታት፡ ምኽንያቱ ብምዝርዛር ነቲ ምልክታ ይነጽጎ እሞ፡ ምልክታ ከም ዘይቐረበ ተሓሲቡ ድማ፡ እቲ መስርሕ ዳንነት ይቕጽል።

<u>ዓንቀጽ 273. - ይግባይ</u>

(1) ካብ ዘይምህላው ንዋታዊ ኽለ-ስልጣን ዚብገስ ወይ ኣብቲ ውሳነ ዘጋጠመ ዘይስርዓታውነት ዚምልከት እንተ ዘይኲይኑ፡ ብመሰረት ዓንቀጽ 271 ምልክታ ዘይቀረበ ምስ ዚነብር፡ ዝኾነ ዘይስርዓታውነት ምኽንያት ይግባይ ኣይከውንን።

(2) እዚ ዝቐደመ ንኡስ-ዓንቀጽ ብዘየገድስ፡ ይግባይ ሰማዒ ቤት ፍርዲ፡ ብተበግሶኡ ኣብ ዝኾነ ግዜ፡ ኣብቲ ይግባይ ዝተባህለሉ ውሳነ ዝተዋህበሉ መስርሕ ዳንነት ንዜጋጠመ ዝኾነ ዘይርትዓውነት ኪእርም ይኽእል፡ ዘይስርዓታውነት ብቑዕ ውሳነ ከይወሃብ ዚዓግት ኣብ ዝኹነሉ ኹነታት እቲ ውሳነ ዝተዋህበሉ መስርሕ ዳንነት ብምስራዝ እቲ ጕዳይ ዳግማይ ክርአ ይእዝዝ።

<u>ዓንቀጽ 274. - ናይ መስርሕ ዳንነት ብቑዕነት</u>

እቲ ውሳነ ይግባይ ዘይተባህለሉ ምስ ዚኸውን ወይ ይግባይ ሰማዒ ቤት ፍርዲ ነቲ ውሳነ ምስ ዘጽድቖ፡ ዝኾነ ዘይስርዓታውነት ዝተረኸበሉ መስርሕ ዳንነት ትሩፍ ኣይከውንን።

## <u>ካልኣይ ኣርእስቲ - ክሳራታት</u>

### <u>*ምዕራፍ 1. - ሓፈሻዊ ድንጋገታት*</u>

<u>ዓንቀጽ 275. - ክሳራ</u>

(1) ቤት ፍርዲ ንኽሳራ ዝምልከት ትእዛዝ ኪህብ ምስ ዚውሰን፤

(ሀ) እቲ ሓፈሻዊ መምርሒ፡ እቲ ዘይተዓወተ ወገን ናይቲ ዝተዓወተ ወገን ወጻኢታት ኪኸፍል ምእዛዝ እዩ፡ ወይ

(ለ) ቤት ፍርዲ ብገዛእ ስልጣኑ ዝተፈልየ ትእዛዝ ኪህብ ይኽእል።

(2) ናይ ዳንነት ክፍሊት መንግስቲ ብዝወሰኖ ታሪፍ መሰረት ይኸውን። ንኻልእ ወጻኢታት ብዚምልከት ግን ክሳዕ ናቕፋ 1,000,000 ኣብ ዝበጽሐ ክርክር ክሳራ 4% ናይቲ ናይ ክርክር ግምት ይኸውን፡ ካብ 1,000,000 ንላዕሊ ካብ ዝኾነ ግምት ክርክር ክሳራ 2% ናይቲ መጠን እቲ ይኸውን። ንጠበቓታት ዝተገብረ ክሳራ ብመሰረት ወግዓውያን ቅብሊታት ይውሰን። ቤት ፍርዲ፡ ወግዓዊ ቅብሊታት ኣዝዩ ዝተጋነነ ኲይኑ እንተ ረኺቡዎ፡ ርትዓዊ መሲሉ ዝተራእዮ ኽሳራ ይውስን። ናይቲ ኽርክር ግምት ዘይፍለጥ ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት፡ ቤት ፍርዲ ርትዓዊ መሲሉ ዝተራእዮ ኽሳራ ይውስን።

(3) እቲ ሓፈሻዊ መምርሒ ንስድራቤት ኣብ ዚምልከቱ ጉዳያት፡ ከምኡውን ኣብ መንጎ ኣባላት ናይ ሓደ ስድራቤት ኣብ ዝካየድ ንግዳዊ መስርሕ ዳንነት ተፈጻምነት ኣይህልዎን።

(4) ቤት ፍርዲ ከመዚ ዝበለ ትእዛዝ፡ ኣብ ዝህበሉ ግዜ፡ ንኹሉ ኩነታት፡ እንተላይ ናይ ተኸራኸርቲ ወገናት ጠባያት፡ ሓደ ወገን ብኸፊል ኣብ ጉዳዩ ዝተዓወተ ምዃኑን ዘይምዃኑን፡ ዋላውን ብምሉእ ኣብ ዘይተዓወትሉ ኩነታት፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ዝተቐመጠ ክፍሊት ምንባሩን ዘይምንባሩን፡ ወይ ከኣ ናብ ኣቓልቦ ቤት ፍርዲ ዝበጽሐ ነቲ ጉዳይ ብዕርቂ ንምፍትሑ ዝተገብረ ጻውዒት ምንባሩን ዘይምንባሩን ኣብ ግምት ከእቱ ኣሎዎ። ቤት ፍርዲ ኣብ ትሕቲ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) (ለ) ትእዛዝ ኣብ ዝህበሉ ግዜ ምኽንያታቱ ብጽሑፍ ይገልጽ።

(5) ኣብ ንኡስ-ዓንቀጽ (4) ዝተጠቕሰ ጠባያት ተኸራኸርቲ ወገናት ነዞም ዚስዕቡ የጠቓልል፤

(ሀ) መስርሕ ዳንነት ቅድሚ ምጅማሩን፡ እቲ መስርሕ ኣብ ዚካየደሉ ግዜ ዘርኣዩዎ ጠባያት፡

(ለ) ሓደ ተኸራኻሪ ወገን ንሓደ ፍሉይ ምጉት ወይ ጭብጢ ከልዕል፡ ኪስዕብ ወይ ኪምጉት ርትዓዊ ምዃኑን ዘይምዃኑን፡

(ሐ) ሓደ ተኸራኻሪ ወገን ንጉዳዩ ወይ ንፍሉይ ምጉት ወይ ጭብጢ ዚሰዓበሉ ወይ ዝተኸላኸለሉ ኣገባብ፡ ከምኡውን

(መ) ብምሉእ ወይ ብኸፊል ዝተዓወተ ከሳሲ ነቲ ኽሱ ምግናኑን ዘይምግናኑን።

<u>ዓንቀጽ 276. - ዝርዝር ወጻኢታት</u>

(1) ቤት ፍርዲ እቲ ዝተረትዐ ወገን ክሳራ ኪኽፍል ኣብ ዝኣዘዘሉ ኩነታት፡ እቲ ተዓዋቲ ወገን ኣብቲ ኽርክር ዚገበሮ ወጻኢታት ዘርኢ ዝርዝር ወጻኢታት የዳሉ።

(2) እቲ ዝርዝር ወጻኢታት ናብቲ ውሳነ ዝሃበ ቤት ፍርዲ ይቐርብ እሞ፡ ቅዳሕ ናቱ ድማ ናብቲ ኽሳራ ኪኽፍል ዝተወሰነሉ ወገን ይለኣኽ።

<u>ዓንቀጽ 277. - ምውሳን ክሳራ</u>

(1) ዝርዝር ወጻኢታት ምስ ቀረበሉ፡ ቤት ፍርዲ ክሳራ ዚውስነሉ መዓልቲ ይቈጽር እሞ፡ ተኸራኸርቲ ወገናት ኣብቲ ቈጸራ ንኪርከቡ መጸዋዕታ ይእዝዝ።

(2) ቤት ፍርዲ ነቲ ዝርዝር ድሕሪ ምጽናዕን ንተኸራኸርቲ ወገናት ድሕሪ ምስማዕን፡ እቲ ወጻኢታት ብርትዓዊ መገዲ ከም ዘይተገብረ ወይ ርትዓዊ ከም ዘይኰነን ምስ መጠን ናይቲ ኽርክር ከም ዘይመጣጠንን ኣብ ዝተገንዘበሉ ኵነታት፡ ከጕድሎ ይኽእል።

(3) እቲ ኽሳራ ዝተኣዘዘሉ ወገን ዝርዝር ወጻኢታት ምስ ዘየቕርብ፡ ቤት ፍርዲ ዝርዝር ከም ዘይቐረበሉ ድሕሪ ምምዝጋብ፡ ናይቶም ካልኦት ወገናት ዝርዝር ወጻኢታት የረጋግጽ፡ ወይ በቲ ዘይምቕራብ ናይ ዝርዝር ዝኹነ ኻልእ ወገን ምእንቲ ከይጕዳእ፡ ነቲ ዝርዝር ወጻኢታቱ ዘየቕረበ ወገን ስማዊ ወይ ካልእ መጠን ክፍቅድ ይኽእል።

(4) ክሳራ ካብቲ ውሳነ ዝተዋህበሉ ዕለት ኣትሒዙ ክሳዕ ዚኽፈል ሕጊ ዘፍቅዶ መጠን ወለድ ይሕሰበሎም።

<u>*ዓንቀጽ* 278. - *ካሕሳዊ ኸሳራ*</u>

(1) ሓደ ወገን ኣብ ዝኾነ ክርክር ወይ ኣብ ዝኾነ መስርሕ ዳንነት፡ ኣንጻሩ ንዝቐረበ ኽሲ ወይ መከላኸሊ፡ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ግጉይ ወይ መትከር ብዘብል ምኽንያት ኣብ ዝተቓወመሉ ኩነታት እሞ፡ እቲ ኸምዚ ዝመስል ክሲ ወይ መከላኸሊ ጸኒሑ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ምስ ዘይፍቀድ፡ ምስ ዚግደፍ ወይ ምስ ዚሰሓብ፡ ቤት ፍርዲ፡ ግቡእ መሲሉ ኣብ ዝተራእዮ ኩነታት ነቲ ኸምዚ ዝመስል ክሲ ወይ መከላኸሊ ከም ግጉይ ወይ መትከር ዝውሰደሉ ምኽንያት ድሕሪ ምምዝጋብ፡ እቲ ተቓዋማይ ካብ ናቕፋ 5,000 ዘይዛይድ ክሳራ በቲ ኽሲ ወይ መከላኸሊ ዘቕረበ ወገን ንኺኽፈሎ ትእዛዝ ኪህብ ይኽእል።

(2) ኣብ ትሕትዚ ዓንቀጽ ኣንጻሩ ትእዛዝ ዝተዋህቦ ዝኾነ ሰብ፡ ንዝሃቦ ናይ ሓሶት ቃል ብዚምልከት ኣብ ትሕቲ ገበናዊ ሕጊ ብገበን ካብ ምሕታት፡ በዚ ምኽንያት እዚ ናጻ ኣይከውንን።

(3) ኣብ ትሕትዚ ዓንቀጽ ዝተፈቕደ ዝኾነ ክሳራ ነቲ ከም ሓሶትን መትከርን ዝተወስደ ክሲ ወይ መከላኸሊ ብዚምልከት ቀጺሉ ኣብ ዝኽፈት ናይ ካሕሳ ክሲ ኣብ ግምት ይኣቱ።

<u>*ዓንቀጽ* 279. - *ይግባይ*</u>

ሓደ ተኸራኻሪ ወገን፡ ኣንጻር ውሳነ ይግባይ ዘይምባሉ ብዘየገድስ፡ ምስቲ ውሳነ ተኣሳሲሩ ዝተኣዘዘ ክሳራ ኣመልኪቱ ይግባይ ኪብል ይኽእል፡ ብይግባይ ሰማዒ ቤት ፍርዲ ዚወሃብ ውሳነ ድማ ናይ መወዳእታ ይኸውን።

<u>*ምዕራፍ* 2. - *ንወጻኢታት ዚምልከት ውሕስነት*</u>

<u>*ዓንቀጽ* 280. - *ከሳሲ ንወጻኢታት ዚምልከት ውሕስነት ኪህብ ዚሕተተሉ ኩነታት*</u>

(1) ቤት ፍርዲ፡ ኣብ ዝኾነ መድረኽ ናይቲ ኽርክር፡ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ይኹን ኣብ ይግባይ፡ ብኣመልካትነት ናይ ዝኾነ ተኸሳሲ፡ ኣብ መዝገብ ኪሰፍር ብዘሎዎ ምኽንያታት፡ ኣብ ውሽጢ ባዕሉ ዝወሰኖ ግዜ፡ ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ ድሮ ንዝተገብሩ ወይ ኣብ መጻኢ ንዝግበሩ ወጻኢታት ዚሸፍን ውሕስነት ክህቡ ክእዝዝ ይኽእል።

(2) ከሳሲ፡ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ከሰስቲ ኣብ ዘለዉሉ፡ ኩሎም እቶም ከሰስቲ ወጻኢ ካብ ኤርትራ ዚነብሩ ምስ ዚኾኑ፡ እሞ እቲ ከሳሲ ወይ ዝኾነ ካብቶም ከሰስቲ፡ ብዘይካ እቲ ኣብ ክርክር ዘሎ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ እኹል ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዘይብሎም ምዃኖም ቤት ፍርዲ ምስ ዘረጋግጽ፡ ኣብ ትሕቲ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ትእዛዝ ይወሃብ።

(3) ኣብ ትሕቲ ኸምዚ ዝመስል ኩነታት ካብ ኤርትራ ኪወጽእ ዚቐረብ ዘሎ እሞ፡ ወጻኢታት ኪኸፍል ኣብ ዝጽውዓሉ ግዜ ንኪመጽእ ርትዓዊ ተኽእሎ ዘይብሉ ዝኾነ ሰብ ብመሰረት ንኡስ-ዓንቀጽ (2) ካብ ኤርትራ ወጻኢ ከም ዚነብር ይሕሰብ።

<u>*ዓንቀጽ* 281. - *ሳዕቤናት ዘይምሃብ ውሕስነት*</u>

(1) ኣብ ውሽጢ እቲ ብቤት ፍርዲ ዝተወሰነ እዋን ንወጻኢታት ውሕስነት ምስ ዘይቀርብ፡ ከሳሲ ወይ ከሰስቲ ጕዳዮም ኪስሕቡ ኣብ ዝተፈቕደሎም ኩነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ቤት ፍርዲ ነቲ ኽሲ ንምዕጻው ትእዛዝ ይህብ።

(2) እቲ ኽሲ ኣብ ትሕቲ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ምስ ዚዕጾ፡ ከሳሲ ድሕሪ ዕለት ዕጽዋ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ እቲ ዕጽዋ ኪልዓለሉ ክምልከት ይኽእል። ውሕስነት ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተፈቕደ ግዜ ካብ ምቕራብ ብብቑዕ ምኽንያት ከም ዝተዓግተ ንቤት ፍርዲ ዘዕግብ መርትዖ ኣብ ዘቕረበሉ ኹነታት ድማ፡ ቤት ፍርዲ ንወጻኢታት ዚሽፍን ውሕስነት ኪቐርብ ወይ ካልእ ቅኑዕ መሲሉ ዝተራእዮ ትእዛዝ ብምሃብ፡ ነቲ ዕጽዋ የልዕሎ እሞ፡ እቲ ኽርክር ዝቐጽለሉ መዓልቲ ይውስን።

(3) ዕጽዋ ንምልዓል ዝቐረበ ምልክታ ንክሱስ ኣብ ዝበጽሓሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ እቲ ዕጽዋ ኣይልዓልን።

## *ምዕራፍ 3. - ብድኽነት ዚቐርብ ክስታት*

### *ዓንቀጽ 282. - ብድኽነት ዚኽፈት ክስታት*

(1) ኣብዚ ምዕራፍ ብዝተቐመጠ ኲነታት መሰረት ዝኾነ ኽሲ ብድኽነት ኪምስረት ይኽእል።

(2) ብቤት ፍርዲ ዝሕተት ናይ ዳንነት ክፍሊት ብምሉእ ወይ ብኽፊል ንምኽፋል ዓቕሚ ዘይብሉ ዝኾነ ሰብ፡ ብመሰረት ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ከም ድኻ ተሓሲቡ፡ ብድኽነት ኪሽስስ ንኽፍቀደሉ ክመልከት ይኽእል።

### *ዓንቀጽ 283. - ትሕዝቶ ምልክታ*

(1) ብመሰረት ዓንቀጽ 282 ዚቐርብ ምልክታ፡ ብቓለ-ማሕላ ተሰንዩ ይቐርብ።

(2) ኣመልካቲ ወይ ወኪሉ ነቲ ምልክታ ምስ ክሱ ኣተሓሒዙ የቕርቦ።

### *ዓንቀጽ 284. - ምርመራ ኣመልካቲ ምርመራ*

(1) እቲ ምልክታ ብግቡእ ቅጥዒ መሰረት ምስ ቐረበ፡ ቤት ፍርዲ፡ ግቡእ ኰይኑ ኣብ ዝረኸቦ ኲነታት፡ ግቡእነት ናይቲ ኽስን ናይ ኣመልካቲ ንብረትን ብዚምልከት ንኣመልካቲ ወይ ንወኪሉ ኪምርምር ይኽእል።

(2) እቲ ምልክታ ብወኪል ኣብ ዚቐርበሉ ኹነታት፡ ቤት ፍርዲ፡ ግቡእ ኰይኑ ምስ ዚረኽቦ፡ ንኣመልካቲ ንምርመራ ኪቐርብ ኪጽውዕ ይኽእል።

(3) እቲ ምልክታ ብግቡእ ቅጥዒ መሰረት ኣብ ዘይተዳለወሉ ኹነታት፡ ቤት ፍርዲ፡ ንኣመልካቲ ሽው ንሽው ወይ ኣብ ውሽጢ ቤት ፍርዲ ዝወሰኖ ግዜ ከም ዘመሓይሾ ኪገብር ይኽእል።

### *ዓንቀጽ 285. - ንጸገት ምልክታ*

ቤት ፍርዲ፡ ነቲ ምልክታ ድሕሪ ምፍታሽ ወይ እዚ ሕጊ ዘፍቕዶ ምርመራታት ድሕሪ ምግባር፡ ኣብ ዚስዕቡ ኹነታት ብድኽነት ንምኽሳስ ፍቓድ ዚሓትት ምልክታ ይነጽግ፤

(ሀ) ኣመልካቲ ድኻ ምስ ዘይከውን፡

(ለ) ኣብቲ ጉዳይ መኽሰሲ ምኽንያት ምስ ዘይህሉ፡

(ሐ) ኣመልካቲ፡ ክልተ ወርሒ ቅድሚ ምልክታ ምቕራቡ፡ ብድኽነት ምኽሳስ ምእንቲ ኽፍቀደሉ፡ ዝኾነ ንብረት ምስ ዚሸይጥ፡ ወይ

(መ) ኣመልካቲ፡ ንትሕዝቶ ናይቲ ኽሲ ኣመልኪቱ ዝኾነ ኻልእ ሰብ ረብሓ ዝረኽበሉ፡ ስምምዕ ምስ ዚፍጽም።

ዓንቀጽ 286. - መረጋገጺ ድኽነት

(1) ቤት ፍርዲ ነቲ ምልክታ ዘንጽግ ምኽንያት ኣብ ዘይረኽበሉ ኵነታት፡ ኣመልካቲ ድኽነቱ ንምርጋግጽ ክቕርቦ ዚኽእል መርትዖ ንምቕባል፡ ከምኡውን ነቲ ናይ ድኽነት ሕቶኡ ንምፍራስ በቲ ኻልእ ወገን ኪቐርብ ዚኽእል ዝኾነ መርትዖ ንምስማዕ፡ ዕለት ቈጸራ ይውሰን።

(2) ኣብ ትሕቲ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ዝተወሰነ ዕለት ቈጸራ ነቲ ኻልእ ወገን፡ ቅድሚ ምስማዕ ናይቲ ጕዳይ ካብ ዓሰርተ መዓልትታት ዘይውሕድ ኣቐዲሙ መጸዋዕታ ይበጽሖ።

ዓንቀጽ 287. - መስርሕ ምስማዕ

(1) ኣብቲ ጕዳይ ንምስማዕ ዝተቘጽረ መዓልቲ፡ ቤት ፍርዲ፡ በቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ዚቐረቡ መሰኻኽር ይሰምዕ፡ ንኣመልካቲ ወይ ንወኪሉ ኪምርምር ይኽእል፡ ንትሕዝቶ ምስክርነቶም ኣብ መዝገብ የስፍር።

(2) ቤት ፍርዲ ተኸራኸርቲ ወገናት ነቲ ምልክታ ወይ ምስክርነት ኣመልኪቶም ዘቕርብዎ ምጕት ድሕሪ ምስማዕ ዚመሰሎ ትእዛዝ ይህብ።

(3) ብድሕርዚ ቤት ፍርዲ፡ ነቲ ኣመልካቲ ብድኽነት ኪኸስስ የፍቅድ ወይ ምፍቃድ ይኣቢ።

ዓንቀጽ 288. - ምልክታ ድሕሪ ምፍቓዱ ዚቕጽል መስርሕ

እቲ ምልክታ ቅቡል ኰይኑ ምስ ዚርከብ፡ ኣመልካቲ ነዚ ዘረጋግጽ ወረቐት ምስክር ይወሃቦ እሞ፡ እቲ ምልክታ ቍጽሪ መዝገብ ተዋሂብዎ ምስ ተመዝገበ፡ ከሳሲ ናይ ዳንነት ክፍሊት ብምሉኡ ወይ ብኽፊል ወይ ካልእ ክፍሊታት ወይ ቤት ፍርዲ ዚእዝዞ ምስ ዳንነት ዝተኣሳሰረ ዝኾነ ኻልእ ክፍሊት ኪኸፍል ኣይሕተትን። እቲ ኽሲ ንኵሉ ካልኦት ረቛሕቲ ብዚምልከት ልክዕ ከም ብንቡር ኣገባብ ዝተመስረተ ክሲ ይርአ።

ዓንቀጽ 289. - ብቕዓት ወረቐት ምስክር

(1) ወረቐት ምስክር ድኽነት፡ እቲ ዝተዋህበሉ ጕዳይ ኣብ መፈጸምታ ክሳዕ ዚበጽሕ፡ እንተላይ ይግባይ ክሳዕ ዚውሰን፡ ብቑዕ ኰይኑ የገልግል።

(2) እቲ ክፍሊት ዳንነት ኪኸፍል ዓቕሚ ዘይብሉ ከሳሲ ናብ ይግባይ ሰማዒ ቤት ፍርዲ ብድኽነት ይግባይ ኪብል ኪፍቐደሉ ካብ ምምልካት ኣይዕገትን።

ዓንቀጽ 290. - ምስራዝ ድኽነት

(1) ቤት ፍርዲ፡ ኣብዞም ዚስዕቡ ኵነታት ብተበግሶኡ ወይ ብኣመልካትነት ተኸሳሲ ንኸሳሲ ድሕሪ ምሕባር፡ ወረቐት ምስክር ድኽነት ኪስረዝ ኪእዝዝ ይኽእል፤

(ሀ) ከሳሲ ኣብ መስርሕ ዳንነት ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ከይቀረበ ምስ ዝተርፍ ወይ መትከር ወይ ዘይግቡእ ጠባይ ምስ ዘርኢ፤

(ለ) ኣታዊታቱ ብድኽነት ኪከስስ ኪፍቀደሉ ከም ዘይነበሮ ወይ ብድኽነት ምኽሳስ ኪቕጽል ከም ዘይብሉ ዘርኢ ምስ ዚኸውን፤ ወይ

(ሐ) ንትሕዝቶ ናይቲ ኽሲ ኣመልኪቱ ዝኹነ ኻልእ ሰብ ረብሓ ዝረኸበሉ፡ ስምምዕ ዚኣተወ ምስ ዚኸውን።

(2) በዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ምኽንያታት ናይ ከሳሲ ወረቐት ምስክር ምስ ዚስረዝ ቤት ፍርዲ፡ ንኽሳስን ንዝኹነ ኻልእ ኣብቲ ኽሲ ምስኡ ከም ከሳሲ ዝተጣመረ ከሳስን፡ ክፍሊት ዳንነት ኪኸፍል ይእዝዝ።

ዓንቀጽ 291. - ብድኽነት መዝገብ ዚኸፈተ ከሳሲ ምስ ዚዕወት

ከሳሲ ምስ ዚዕወት፡ ብድኽነት ኪኸስስ ዘይተፈቐደሉ ነይሩ እንተ ዝኸውን ኪኸፈል ዝነበሮ ክፍሊት ዳንነትን ካልእ ክ'ፍሊታትን፡ ፈጻሚ ፍርዲ ነቲ ዘይተዓወተ ወገን የኽፍሎ። እቲ ውሳነ ኣብ ዚፍጸመሉ እዋን ድማ ቀዳምነት እዚ ወጻኢታት ይኽፈል።

ዓንቀጽ 292. - ምዕጋት ዚስዕብ ምልክታታት

ኣመልካቲ ብድኽነት ከይከስስ ፍቓድ ዝኸልእ ወይ ናይ ድኽነት ምስክር ወረቐቱ ዝሰረዘ ትእዛዝ፡ ነቲ ኽሲ እቲ ኣመልኪቱ ተመሳሳሊ ምልክታ ከየቕርብ ይዓግቶ፡ እንተ ኹነ ግን፡ ኣመልካቲ በቲ ሓደ ወገን ንዝተገብረ ወጻኢታት ክሳራ ብምኽፋል፡ ክፍሊት ዳንነት ከፊሉ ክሲ ኪምስርት ይኽእል።

ዓንቀጽ 293. - ናይ ምኽፋል ዓቕሚ ዝረኸበ ከሳሲ

ኣብ መስርሕ ዳንነት ናይቲ ብድኽነት ኪኸስስ ዝተፈቕደሉ ጉዳይ ወይ ፍቓድ ካብ ዝረኸበሉ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ዓመት ናይ ምኽፋል ዓቕሚ ዚረኸበ ከሳሲ ነቲ ዘፍቀደሉ ቤት ፍርዲ ይሕብር፡ ከይሓበረ ምስ ዝተርፍ ግን ንገበናዊ ሕጊ ዚጻረር ገበን ከም ዚፈጸመ ይሕሰብ።

ዓንቀጽ 294. - ወጻኢታት

ብድኽነት ንምኽሳስ ኪፍቀደልካ ንዚቐርብ ምልክታን ንእኡ ንምውሳን ንዚግበር ምርመራ ዝተገብረ ወጻኢታት ከም ወጻኢታት ናይቲ መዝገብ ይውሰዱ።

## ሳልሳይ ኣርእስቲ - ም'ቍራጽ ክስታትን ንቤት ፍርዲ ምኽፋልን

### ምዕራፍ 1. - ግድድፍ

ዓንቀጽ 295. - መትከል

(1) ተኸራኸርቲ ወገናት፡ ንኹሉ እቲ ዘከራክሮም ጉዳያት ወይ ንገለ ካብኡ ኣመልኪቶም ስምምዕ ግድድፍ ብምፍጻም ነቲ ጉዳይ ከቋርጽዎ ይኽእሉ።

(2) ድንጋገታት ናይዚ ኣርእስቲ ብኣሉታ ከይተተንከፈ፡ ድንጋገታት ሲቪላዊ ሕጊ ብፍላይ ንተፈጻምነት፡ ይግባይን ምፍራስን ስምምዕ ግድድፍ ብዚምልከት ተፈጻምነት ይህልዎም።

ዓንቀጽ 296. - ምፍጻም ስምምዕ ግድድፍ

(1) ተኸራኸርቲ ወገናት ብተበግስኦም ወይ ብተብግሶ ቤት ፍርዲ፡ እቲ ጉዳይ ኣብ ዚሰምዓሉ ግዜ ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ወይ ወጻኢ ካብ ቤት ፍርዲ፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ስምምዕ ግድድፍ ኪፍጽሙ ይኽእሉ።

(2) ቤት ፍርዲ፡ ብኣመልካትነት ተኸራኸርቲ ወገናት፡ እቲ ስምምዕ ግድድፍ መሰረት ኪገብሮ ዚግባእ ነጥብታት ኪሕብሮም ይኽእል።

ዓንቀጽ 297. - ትሕዝቶ ስምምዕ ግድድፍ

(1) ስምምዕ ግድድፍ ነዞም ዚስዕቡ የጠቓልል፤

(ሀ) እቲ ኽሲ ተታሒዙሉ ናይ ዘሎ ቤት ፍርዲ ስምን ቦታን፡

(ለ) ናይቲ ኽሲ ኣርእስትን ቊጽሪ መዝገብን፡

(ሐ) ናይ ተኸራኸርቲ ወገናት ኣሽማት፡ መግለጺ፡ መንበሪ ቦታን፡ መጸዋዕታ ዚበጽሓሉ ኣድራሻን፡ ከምኡውን

(መ) ነቲ ስምምዕ ዝምልከቱ ጉዳያት።

(2) ስምምዕ ግድድፍ ንኹሉም ተለቀብቲ ጉዳያት፡ ብፍላይ ከኣ ንኽሳራ፡ ካሕሳን ኣፈጻጽማን ዝምልከቱ ጉዳያት ከዳቕስ ይኽእል።

ዓንቀጽ 298. - ምምዝጋብ ስምምዕ ግድድፍ

(1) ስምምዕ ግድድፍ እቲ ጉዳይ ኣብ ዝስምዓሉ ግዜ ምስ ዚግበር፡ ኣብ ጽሑፍ ይሰፍርን በቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ድማ ይፍረም እሞ፡ ቤት ፍርዲ፡ ትሕዝትኡ ምስ ሕግን ስነ-ምግባርን ከም ዘይጻረር ምስ ኣረጋገጸ ኣብ መዝገብ ከም ዝሰፍር ይገብር።

(2) ስምምዕ ኣብ መዝገብ ከም ዝሰፍር ድሕሪ ምግባር፡ ቤት ፍርዲ፡ ብኣመልካትነት ናይ ተኸራኸርቲ ወገናት፡ ነቲ ስምምዕ መሰረት ብምግባር ውሳነ ኺህብ ይኽእል።

(3) ስምምዕ ግድድፍ ካብ ቤት ፍርዲ ወጻኢ ምስ ዚፍጸም፡ ተኸራኸርቲ ወገናት ንቤት ፍርዲ ብኽሳሲ ነቲ ኽሲ ኪሓድጉ ኪፍቐሉ ናብ ቤት ፍርዲ ከመልክቱ ይኽእል።

*ምዕራፍ 2. - ምስሓብን ምሕዳግን ክሲ*

ዓንቀጽ 299. - መትከል

(1) ከሳሲ ኣብ ልዕሊ ኵሎም ተኸሰስቲ ወይ ዝኾነ ካብኣቶም ዘቕረቦ ክሲ ኪስሕቦ ወይ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ኪሓድጎ ይኽእል።

(2) ተኸሳሲ፡ ኣብ ልዕሊ ንኹሎም ከሰስቲ ወይ ንዝኾነ ካብኣቶም ኣመልኪቱ ነቲ ኽሲ ኪእ'መን ወይ ንመከላኸሊኡ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ኪሓድግ ይኽእል።

(3) ምሕዳግ ክሲ ወይ መከላኸሊ መልሲ፡ ንትሕዝቶ ናይቲ ኽሲ ወይ ናይቲ መከላኸሊ መልሲ ብዚምልከት ኣብ መንጎ እቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ሓድሽ ክርክር ከይግበር ይዓግት። እዚ ድንጋገ ግን ኣብ ምስሓብ ክሲ ተፈጻምነት ኣይህልዎን።

(4) ምስሓብ ወይ ምሕዳግ በቲ ኻልእ ወገን፡ ኣብ ትሕቲ ስልጣን ቤት ፍርዲ፡ ተቓውሞ ኪቐርበሉ ይኽእል።

(5) ክሲ ብምስሓቡ ወይ ብምሕዳጉ ዚስዕብ ክሳራ በቲ ኽሱ ዝሰሓበ ወይ ዚሓደገ ተኸራኻሪ ወገን ይሽፈን።

(6) ቤት ፍርዲ ብመሰረት እዚ ዓንቀጽ ክሲ ንምስሓብ ንዝቐረበ ምልክታ ኣብ ዚነጸገሉ ኵነታት፡ እቲ ኽሲ ዝሰሓበ ወገን ሓድሽ ክሲ ኪምስርት ምስ ዚደሊ ልክዕ እቲ ቐዳማይ ክሲ ከም ዘይተመስረተ ተወሲዱ ብደረት ግዜ ቅዩድ ይኸውን።

*ዓንቀጽ* 300. - *ምብቓዕ ምኽንያት ክሲ*

ቤት ፍርዲ፡ ኣብ ዝኾነ መድረኽ ናይ ክርክር፡ ምኽንያት ክሲ ከም ዘብቅዐ ምስ ዘረጋግጽ፡ ቅኑዕ መሲሉ ዝተራእዮ ክሳራ ብምእዛዝ፡ ምኽንያታቱ ኣብ መዝገብ ብምስፋር ነቲ ኽሲ ይዓጽዎ።

*ምዕራፍ 3. - ንቤት ፍርዲ ዚፍጸም ክፍሊት*

*ዓንቀጽ* 301. - *ምትሓዝ ነቲ ኽሲ ዚመጣጠን ገንዘብ ብተኸሳሲ*

(1) ንምኽፋል ዕዳ ወይ ካሕሳ ዚምልከት ክሲ ኣብ ዝቐርበሉ ኵነታት፡ ተኸሳሲ ነቲ ኽሲ ብምሉኡ ኪሽፍን ይኽእል እዩ ኢሉ ዚግምቶ መጠን ገንዘብ ኣብ ዝኾነ መድረኽ ናይቲ ኽርክር፡ ንቤት ፍርዲ ከትሕዝ ይኽእል።

(2) ተኸሳሲ ነቲ ገንዘብ ከም ዘትሓዘ፡ ብመገዲ ቤት ፍርዲ ኣቢሉ ንኸሳሲ የፍልጦ፡ እቲ ዝተታሕዘ ገንዘብ ድማ፡ ቤት ፍርዲ ዝተፈልየ ትእዛዝ ኣብ ዝህበሉ ኵነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ብኣመልካትነት ከሳሲ ንኸሳሲ ይኽፈል።

*ዓንቀጽ* 302. - *ክፋል ዕዳ ንምሽፋን ዝተታሕዘ ገንዘብ*

(1) ከሳሲ ነቲ ዝተታሕዘ ገንዘብ ክፋል ናይቲ ኽሲ ከም ዝሸፍን ምስ ዚቕበሎ ነቲ ተረፍ ገንዘብ ንምርካብ ኪኸስስ ይኽእል።

(2) ቤት ፍርዲ፡ እቲ ብተኸሳሲ ዝተታሕዘ ገንዘብ ንብምሉኡ ክሲ ከም ዝሸፍን ኣብ ዝወሰነሉ ኵነታት፡ ከሳሲ እቲ ገንዘብ ድሕሪ ምትሓዙ ንዝተገብረ ወጻኢታትን ኣቐዲሙ ዝተገብረ ወጻኢታት ከሳሲ ዝተጋነነ ክሲ ብምቕራቡ ዝተፈጥሩ ምስ ዝኾኑ ክሳራ ኪኸፍል ይእዝዝ።

*ዓንቀጽ* 303. - *ምትሓዝ ብምሉኡ ዕዳ ዚሽፍን ገንዘብ*

(1) ከሳሲ ነቲ ዝተታሕዘ ገንዘብ ንብምሉኡ ክሱ ከም ዝሸፍን ኣብ ዝተቐበለሉ ኵነታት፡ ብዛዕብኡ ንቤት ፍርዲ ብጽሑፍ ይሕብር እሞ፡ ቤት ፍርዲ ነቲ ጽሑፍ ምስ መዝገብ ብምትሕሓዝ ብእኡ መሰረት ይውስን።

(2) ቤት ፍርዲ፡ ናይ ነፍስ-ወከፍ ወገን ወጻኢታት ብመን ከም ዝሽፈን ኣብ ዝውስነሉ ግዜ፡ ድንጋገታት ናይዚ መጽሓፍ ተፈጻምነት ይህልዎም።